Stadt Bern

VBG Quartierarbeit Bern

Das Eidgenössische Büro für die Gleichstellung von Frau und Mann unterstützt das Projekt mit Finanzhilfen.

www.bern.ch/türantür

Stadt Bern

ኣብ እንዳ ጎረቤትኩም ጎነጽ ኣሎ ኢልኩም ትጥርጥሩ ኢኹም? እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ፣ ካብ ክፍሊት ነጻን ምስጢራዊን ምኽሪ ርኸቡ። Fachstelle Häusliche Gewalt Stadt Bern (ቤት ጽሕፈት ሰብ ሙያ ዘቤታዊ ጎነጽ ከተማ በርን): 031 321 63 02.

ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ኣብዝሕ ኣቢልኩም ፍለጡ ከምኡ ድማ እስኹም ኣንጻር ዘቤታዊ ጎነጽ እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ ፍለጡ። ኣብ ምዕራብ በርን ምስ ዘለዉ ኣዕሩኽኩም መሓዙትኩም ጎረባብትኹም ወይ ድማ መሳርሕትኹም ብሓባር ኲንኩም ኣብ መጽናዕቲ ብዛዕባ ዘቤታዊ ጎነጽ ተሳተፉ። ሓበሬታ ርኸቡ: www.bern.ch/türantür.

**Tür an Tür (ገዛ ገዛ) – ንሕና ንርኢ ኢና።**
**ኣንጻር ዘቤታዊ ጎነጽ ኣብ እንዳ ጎረባብቲ ዘቕንዔ መደብ።**

tuerantuer@bern.ch
+41 79 607 43 49

www.bern.ch/türantür







# ትብዓት ኣርእዩ፣ ርኣዩ!
# እስኹም ክትፍጽሙ ትኽእሉ።

Tür an Tür (ገዛ ገዛ)።
ብሓባር ኣንጻር ዘቤታዊ
ጎነጽ ኣብ እንዳ ጎረባብቲ።

**ኣብ እንዳ ገረቤትኩም ጎነጽ ኣሎ ኢልኩም ትጥርጥሩ ኢኹም? ትብዓት ኣርእዩ፣ ርኣዩ! እስኹም ክትፍጽሙ ትኽእሉ።**

- ሓበሬታ ብዛዕባ ዘቤታዊ ጎነጽ ኣብ ኢንተርኔት ርኸቡ ።
- ምስ እቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ ርክብ ግበሩ ። ብናትኩም መገዲ ግበሩ ። ምስኡ ብሓባር ኲንኩም ቡን ስተዩ፣ ኣብ ናይ ክዳውንቲ መሕጸቢ ክፍሊ ኣዛርብዎ ወይ ድማ ሓደ ካልእ ኣመኽኒኹም ኣብ ሓደ ጽምው ዝበለ ቦታ ዓድምዎ ። ነቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ በይንኹም ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ከም እተ ዛርብዎ ግበሩ ።
- እስኹም ትሻቐሉ ከም ዘለኹም ንገርዎ ። ከይፈረድኩም ፣ ጽን ኢልኩም ስማዕ ። እቲ ዝምልከቶ ውልቀሰብ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዝደሊ ሕተትዎ ።
- ጸቕጢ ከይገበርኩም ፣ ንጹር ዝኾነ ሓገዝ ቀርቡሉ ። እስኻትኩም ንምሳለ ብሓባር ኲንኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ተሌፎን ክትድውሉ ትኽእሉ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ህጹጽ ዝኾነ ኲነታት ከመይ ክትሕግዙ ከም እትኽእሉ ምስኡ ትሰማምዑ ።
- ነቲ ውልቀሰብ ንኽተዛርብዎ፣ ጽቡቕ ጌርኬም ኣይትፈልጥዎን ዲኹም ወይ ከምኡ ክትገብሩ ኣይትደልዩንዶ፡ ብዛዕባ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ብካልእ መገዲ ሓበሬታ ከም ዝረክብ ግበሩ ። ነቲ ቁጽሪ ተሌፎን ንምሳለ ኣብ መእተዊ ማዕጾ ስቐልዎ ወይ ድማ ኣብ ሳንዱቕ ፖስታ ኣእትዉዎ ። ነቲ ኣብ ዳሕረዋይ ገጽ ናይዚ በራሪ ወረቐት ዘሎ ቁጽሪ ተጠቀሙ ።
- ካብ ሰብ ሙያ ሓገዝ ርኸቡ ። ናይ ዘቤታዊ ጎነጽ ኣማኸርቲ ቤት ጽሕፈት ነቶም ጎረባብቲ ናይቶም ዝተተንከፉ ኣንስትን ሰብኡትን እውን የማኽሩ እዮም ። ነቲ ኲነታት እውን ሽምኩም ሓቢእኩም ክትገልጽዎ ትኽእሉ ኢኹም ። እቶም ሰራሕተኛታት ምስጢር ንምሕላው ዝግደዱ እዮም ።
- ምስ ካልኦት ጎረባብቲ ተራኸቡ ። ሕብረት ሓይሊ ይህብ እዩ ።
- ትዕግስቲ ግበሩ ። ንሰብ ካብ ጎነጸኛ ምትእስሳር ንምውጻእ፣ ጊዜ ይወስዱሉ እዩ ።
- ነቲ ጎነጽ ዝፍጽም ውልቀሰብ ጽቡቕ ጌርኩም ትፈልጥዎ እንተኾንኩም፣ ምስኡ ርክብ ፍጠሩ ። ጎነጽ ምንጻግ ማለት ፣ ነቲ ጎነጽ ዝፍጽም ውልቀሰብ ምንጻግ ማለት ኣይኮነን ። ነቶም ጎነጽ ዝፍጽሙ ሓገዝ ኣሎ ። ቤት ጽሕፈት ሙያ ጎነጽ በርን: 076 576 57 65.
- ኣብ መጽናዕቲ ብዛዕባ ዘቤታዊ ጎነጽ ተሳተፉ ፣ ብዛዕባ እቲ ኣርእስቲ ዝበዝሐ ከምኡ ድማ እንታይ ከም እትገብሩር ተመሃሩ ። www.bern.ch/türantür.

**እቲ ጎነጽ ብርቱዕ ድዩ፣ ኣውያት ወይ ካልእ ናይ ጎነጽ ድምጽታት ኣብ እንዳ ጎረቤትኩም ትሰምዑ ዲኹም?**

- ነቶም ሰባት ዘይትፈልጥዎም እንተኾንኩም ወይ ድማ ናብቶም ዝጓነጹ ዘለዉ ውልቀሰባት ብቐጥታ ከይትኸድዎምም እንተደሊኹም ፣ ንፖሊስ ተሌፎን ደውሉ: 117.

  ንኻልኦት ጎረባብቲ እውን ከምኡ ንኽገብሩ ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም ።
- ነቶም ጎረባብቲ ጽቡቕ ጌርኩም ትፈልጥዎም እንተኾንኩም፣ ኣብ ገዝኦም ክትኩሕክሑ ትኽእሉ ። እንተደሊኹም ካብ ካልኦት ጎረባብቲ ኣቐዲም ኩም ሓገዝ ርኸቡ ። ተማኺርኩም ብሓባር ናብኡ ኪዱ ። ኩሉጊዜ ካብ ገዛ ወጻኢ ኩኑ ከምኡ ድማ ምንም ኸሲ ኣይትዛረቡ ።
- ገለ ነገር ከም ዝሰምዓኩምን ከም ዝተሻቐልኩምን ንገሩ ። ከምኡ እውን ሰብ ዘይተጸበዮ ነገር ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንምሳለ ሑርጭ ሕተቱ ወይ ድማ ናይ ገዛ ኣመሓደርቲ ቁጽሪ ሕተቱ ።
- ውሕስነት ዘይብልኩም መሲሉ እንተተሰሚዕኩም፣ ተፋኒኩም ኪዱ ።

**ጎነጽ ኣብ ስድራቤት?**
**ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።**
**ካብ ክፍሊት ነጻን ብምስጢርን።**

**Fachstelle Häusliche Gewalt**
(ቤት ጽሕፈት ሰብ ሙያ ዘቤታዊ ጎነጽ):
031 321 63 02 (እዋን ስራሕ)

**Beratungsstelle Opferhilfe Bern**
(ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ሓገዝ ንግዳያት በርን):
031 370 30 70 (እዋን ስራሕ)

**AppElle!**
(ኣፕኤለ) – ህጹጽ መስመር መዕቀቢ ደቀንስትዮ:
031 533 03 03 (24/7)

**Die Dargebotene Hand**
(እቲ ዝተዘርግሔ ኢድ): 143 (24/7)

**ኣብ ህጹጹ ጉዳይ:**
ፖሊስ: 117

**ጎነጸኛ ኔርካዶ ሕጂ ከኣ ገለ ነገር ክትቅይር ትደሊዶ?**

**Fachstelle Gewalt Bern**
(ቤት ጽሕፈት ሰብ ሙያ ጎነጽ በርን) :
076 576 57 65

መደብ ትምህርቲ ኣንጻር ጎነጽ ኣብ ሓዳር ፣
ስድራቤትን መጻምድን:
079 308 84 05